# Global Storybooks

globalstorybooks.net

## ሲምበግዊረ

Rukia Nantale
Benjamin Mitchley
Daniel Berhane Habte

This work is licensed under a Creative Commons Attribution 3.0 International License.
https://creativecommons.org/licenses/by/3.0


# ሲምበግዊረ



Rukia Nantale
Benjamin Mitchley
Daniel Berhane Habte

5

ትግርኛ ti



ሲምበግዊረ ኣዲኣ ምስሞተት፡ ኣዝያ ሓዘነት። ኣቦ ሲምበግዊረ ንጓሉ ክከናኸን ኵሉ ዝከኣሎ ገበረ። ቀስ ብቐስ፡ ብዘይ ኣደ ሲምበግዊረ፡ ከምቀደሞም ናብራኦም ብሓጐስ ክመርሑ ጀመሩ። ንግሆ ንግሆ ኮፍ ኢሎም ብዛዕባ እታ መዓልቲ መደቦም ይሰርዑ። ምሸት ምሸት ብሓደ ይድረሩ። ኣቑሑ ምስሓጸጸቡ ኣቦ ሲምበግዊረ ዕዮ ገዝኣ ኣብ ምስራሕ ይሕግዛ።




ሓደ መዓልቲ ኣቦ ሲምበግዊረ ዘይከም ልማዱ ደንጕዩ መጸ። “ኣበይ ኣለኺ’ዛ ጓለይ?” ኢሉ ጸውዓ። ሲምበግዊረ ናብ ኣቦኣ ጐየየት። ኣቦኣ ናይ ሓንቲ ሰበይቲ ኢድ ሒዙ ከምዝነበረ ምስረኣየት ድርቕ ኢላ ደው በለት። “ሓንቲ ፍልይቲ ጋሻ ከላልየኪ ደልየ ኣለኹ ‘ዛ ጓለይ። እዚኣ ኣኒታ ትብሃል፡” በለ ፍሽኽ እናበለ።



“ሰላም ሲምበግዊረ፡ ኣቦኺ ብዛዕባኺ ብዙሕ እዩ ዝነግረኒ፡” በለት ኣኒታ። ግና ፍሽኽ ኣይበለትን ናይታ ቈልዓ ኢድ’ውን ኣይተንከፈትን። ኣቦ ሲምበግዊረ ተሓጒሱን ተረቢጹን ነበረ። ሰለስቲኦም ብሓባር ክነብሩ ምኳኖምን ሂወቶም ሕጉስ ክኸውን ምኳኑን ተዛረበ። “እዛ ጓለይ፡ ንኣኒታ ከም ኣዴኺ ክትቅበልያ ተስፋ እገብር፡” ድማ በለ።





ኣብታ ዝሰዓበት ሰሙን፡ ኣኒታ ንሲምበግዊረ፡ ምስ ደቀ’ሞኣን ኣሞኣን ናብቲ ገዛ ንምሳሕ ዓደመተን። ከመይ ዝበለ ድግስ’ዩ! ኣኒታ ኵሉ እቲ ሲምበግዊረ እትፈትዎ መግብታት ኣዳልያ ነበረት፡ ኵላቶም ድማ ክሳብ ዝጸግቡ በልዑ። ሽዑ እቶም ቈልዑ ተጻወቱ እቶም ዓበይቲ ድማ ኣዕለሉ። ሲምበግዊረ ሓጐስን ትብዓትን ተሰምዓ። ምስ ኣቦኣን ሰይተ-ቦኣን ክትነብር ብቕልጡፍ ከይደንጐየት ናብ ገዝኣ ክትከይድ ወሰነት።



ኣቦኣ መዓልታዊ ይበጽሓ ነበረ። ኣብ መወዳእታኡ፡ ምስ ኣኒታ መጸ። ኣኒታ ንሲምበግዊረ ብኢዳ ሒዛ፡ እናበኸየት፡ “ይቕረ በልለይ ‘ዛ ጓለይ፡ ተጋግየ እየ፡ ሓንቲ ዕድል ሃብኒ በጃኺ?” በለታ። ሲምበግዊረ ናብ ኣቦኣን እቲ ዝተሻቐለ ገጹን ረኣየት። ሽዑ ቀስ ኢላ ናብኣ ገጻ ቀረበት ሕቍፍ ድማ ኣበለታ።





ሂወት ሲምበግዊረ ተለወጠ። ንግሆ ንግሆ ምስ ኣቦኣ ኮፍ ኢላ ትዘራረቦ ዝነበረት ተረፈ። ኣኒታ ኣድካሚ ስራሕ ገዛ ከተስርሓ ስለእትውዕል ምሸት ምሸት ዕዮ ገዛኣ ክትሰርሕ ኣይትኽእልን። ድሕሪ ድራር ብቐጥታ ናብ ድቃስ ክትከይድ ጀመረት። እታ ሓንቲ መጻናንዒታ፡ እታ ኣዲኣ ዝሃበታ ሕብራዊት ኮቦርታ እያ ኔራ። ኣቦ ሲምበግዊረ ጓሉ ሕጉስቲ ከምዘይነበረት ከስተብህል ኣይክኣለን።




ድሕሪ ገለ ኣዋርሕ ኣቦ ሲምበግዊረ ንገለ እዋን ካብ ገዛ ኣርሒቑ ክገይሽ ከምዝኾነ ነገረን። “ብስራሕ ክገይሽ ኢየ፡” “ግና ንሓድሕድክን ብጽቡቕ ተሳኒኽን ክትነብራ ከምዝኾንክን እተኣማመን እየ።” በለ። ናይ ሲምበግዊረ ገጻ ጸልመተ፡ ኣቦኣ ግና ኣየስተብሃለን። ኣኒታ ገለ’ኳ ኣይበለትን። ንሳ ውን እንተኾነት ሕጉስቲ ኣይነበረትን።





ሲምበግዊረ ምስ ደቂ ኣሞኣ እናተጻወተት ከላ ኣቦኣ ናብኣ ገጹ ክመጽእ ካብ ርሑቕ ርኣየቶ። ሓሪቑ ከይከውን ፈርሐት፡ ስለዚ ንኽትሕባእ ናብቲ ገዛ ኣተወት። ኣቦኣ ግና ናብኣ ቀረበ፡ ከምዚ ድማ በላ፡ “ሲምበግዊረ፡ እታ ዝበለጸት ኣደ ረኺብኪ ኣለኺ። ሓንቲ ተፍቅረክን ትርደኣልክን። ብኣኺ እኹርዕ እየ አፍቅረኪ ድማ እየ።” ብድሕሪኡ፡ ሲምበግዊረ ክሳብ ዝደለየቶ ግዜ ምስ ኣሞኣ ክትቅመጥ ተሰማምዑ።



ኣቦ ሲምበግዊረ ገዛ ምስተመልሰ፡ ክፍላ ጥርሑ ጸንሖ። “እንታይ ኣጋጢሙ ኣኒታ?” ክብል ብስንባደን ጓሂን ሓተተ። እታ ሰበይቲ፡ ሲምበግዊረ ከምዝሃደመት ነገረቶ። “ከተኽብረኒ ደልየያ፡” “ግና ምናልባት ኣዝየ ተሪረያ እኸውን እየ።” ድማ በለቶ። ኣቦ ሲምበግዊረ ገዛ ገዲፉ ናብቲ ሩባ ገጹ ከደ። ንሲምበግዊረ ርእያታ እንተኾነት ክሓታ ናብ ዓዲ እንዳ ሓፍቱ ቀጸለ።






ንሲምበግዊረ ናብራ እናኸፍኣ ከደ። ስራሕ ገዛ እንተዘይወዲኣቶ ወይ ደኺመ ኢላ እንተኣጕረምሪማ ኣኒታ ትቕጥቅጣ። ኣብ ግዜ ድራር ድማ፡ ንሳ ዝበዝሐ በሊዓ ንሲምበግዊረ ቍሩብ ተረፍ መረፍ ትገድፈላ። ሲምበግዊረ ምሸት ምሸት፡ ነታ ናይ ኣዲኣ ኮበርታ ሓቑፋ እናበኸየት ትድቅስ።



ሓደ ንግሆ ሲምበግዊረ ካብ ድቃሳ ከይተንስአት ኣርፈደት። “ኣቲ ሰነፍ ቈልዓ!” ኢላ ኣኒታ ኣንጸርጸረትላ። ንሲምበግዊረ ካብ ዓራት ጐቲታ ኣውረደታ። እታ ምሒር እትፈትዋ ኮቦርታኣ ኣብ መስማር ተታሕዘት፡ ኣብ ክልተ ድማ ተቐደደት።





ኣሞ ሲምበግዊረ ናብ ገዝኣ ወሰደታ። ንሲምበግዊረ ምዉቕ መግቢ ሃበታ፡ በታ ናይ ኣዲኣ ኮቦርታ ጌራ ድማ ኣብ ዓራት ከደነታ። እታ ምሸት ሲምበግዊረ ክትድቅስ ከላ በኸየት። እንተኾነ ግና ናይ እፎይታ ንብዓይ እዩ ዝነበረ። ኣሞኣ ክትከናኸና ምኧና ትፈልጥ እያ።



እዛ ሰበይቲ ናብታ ገረብ ንላዕሊ ጠመተት። ነታ ቄልዓን ነቲ ዝተቐደደ ኮቦርታን ምስረኣየት፡ “ሲምበግዊረ፡ ጓል ሓወይ!” ኢላ በኸየት። እተን ካልኦት ኣንስቲ ምሕጻብ ክዳውተን ገዲፈን ንሲምበግዊረ ካብታ ገረብ ክትወርድ ሓገዝኣ። ኣሞኣ ነዛ ንእሽቶ ቄልዓ ሓቚፈታ፡ ከተጸናንዓ ድማ ፈተነት።





ሲምበግዊረ ብጣዕሚ ተናወጸት። ካብ ገዛ ሃዲማ ክትወጽእ ወሰነት። ነታ ዝተቐደደት ኮቦርታ ወሲዳ፡ ገለ መግቢ ቈጺራ ነቲ ገዛ ገደፈቶ። ኣቦኣ ዝኸደሉ መንገዲ ተኸተለት።



ምስ መሰየ፡ ኣብ ጥቓ ሓደ ሩባ ኣብ ዝነበረት ነዋሕ ገረብ ተሰቒላ ኣብቲ ጨናፍር ድማ መደቀሲ ሰርሐት። ክትድቅስ ከላ ከምዚ ኢላ ኣልቀሰት “ኣደይ ኣደይ ኣደይ ገዲፍክኒ። ገዲፍክኒ ኬድኪ ኣይተመለስክን ድማ። ኣቦይ ደጊም ኣየፍቅረንን እዩ። ኣደይ መዓስ ኢኺ ክትመጺ? ሓዲግክኒ ኬድኪ።”





ንጽባሒቱ ንግሆ ሲምበግዊረ ነታ ልቕሶ እንደገና ደገመታ። እተን ኣንስቲ ክዳውንተን ክሓጽባ ናብቲ ሩባ ምስወረዳ፡ ነታ እተሕዝን ቍዘማ ካብታ ነዋሕ ገረብ ክትመጽእ ሰምዓኣ። ንፋስ ነቲ ኣቍጽልቲ ኣንቀሳቒሱ ሸውሸው ዘብሎ ዝነበረ መሲልወን፡ ሱቕ ኢለን ስርሐን ቀጸላ። ሓንቲ ካብተን ኣንስቲ ግና ጽን ኢላ ነታ ልቕሶ ሰምዓታ።